# ዘጸአት 12

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ኣብ ምድሪ ግብጺ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡
2 እዛ ወርሒ እዚኣ ንኣኻትኩም መጀመርታ ኣዋርሕ ትኹን፡ ንሳ መጀመርታ ኣዋርሕ ዓመት
ትኹንኩም።
3 ንዅሉ ኣኼባ እስራኤል ከምዚ ኢልኩም ተዛረቡ፡ ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ብዓስረይቲ መዓልቲ ነፍሲ
ወከፍ ንቤት ኣቦ ሓደ ገንሸል፡ ነንቤት ሓደ ገንሸል ይውሰድ።
4 እቶም ስድራ ቤት ንሓደ ገንሸል ዚውሕዱ እንተ ዀኑ፡ ንሱን እቲ ንቤቱ ዝቐረበ ጐረቤቱን ብቝጽሪ
ነፍሳት ሓደ ይውሰድ። ነፍሲ ወከፍ ከም ዚበልዕ መጠን ኣብቲ ገንሸል ቍጸሩ።
5 ዓመት ዝገበረ፡ ጕደሎ ዜብሉ ተባዕታይ ገንሸል ይኹነልኩም። ካብ ኣባጊዕ ወይ ካብ ኣጣል
ትወስዱ።
6 ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ኽሳዕ ክሳዕ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ ሐልውዎ። ሽዑ ዅሉ እቲ እኩብ
ማሕበር እስራኤል ኪመሲ ኸሎ ይሕረዶ።
7 ኣብታ ዚብልዓ ቤት ድማ፡ ካብቲ ደሙ ወሲዶም፡ ንኽልቲኡ ቐዋሚ ልዳትን ነቲ ላዕላይ ልዳትን
ይልከይዎ።
8 ነቲ ስጋኡ ድማ በታ ለይቲ እቲኣ ይብልዕዎ፡ ብሓዊ ጠቢሶም፡ ምስ ቅጫን ምስ መሪር ሓምልን
ይብልዕዎ።
9 ምስናይ ርእሱን ኣእጋሩን ናውቲ ኸብዱን ብሓዊ ይጠበስ እምበር፡ ካብቲ ዝሕላ ዀነ፡ ካብቲ
ብማይ ዝበሰለ ኣይትብልዑ።
10 ካብኡ ድማ ገለ እኳ ኽሳዕ ንግሆ ኣይተትርፉ። እቲ ኻብኡ ኽሳዕ ንግሆ ዝተረፈ ኸኣ ብሓዊ
ኣንድድዎ።
11 ከምዚ ጌርኩም ድማ ክትበልዕዎ ኢኹም፡ ሓቛቝኹም ተዐጢቕኹም፡ ኣሳእንኩም ኣብ
ኣእጋርኩም፡ ኣባትርኩም ከኣ ኣብ ኣእዳውኩም ሒዝኩም፡ ቀልጢፍኩም ብልዕዎ። ንሱ ፋስጋ
እግዚኣብሄር እዩ።

# 1ይ ቆሮንቶስ 10

15 ከም ነስተውዓልቲ እየ ዝዛረብ ዘሎኹ፡ ነዚ ዝብሎ ዘሎኹ ባዕላትኩም ፍረድዎ።
16 እታ ንሕና እንባርኻ ናይ በረኸት ጽዋእ ምስ ደም ክርስቶስ ሕብረት ዘለዋዶ ኣይኰነትን፧ እታ
እንቈርሳ እንጌራስ ምስ ስጋ ክርስቶስ ሕብረት ዘለዋዶ ኣይኰነትን፧
17 ካብ ሓንቲ እንጌራ ተማቂልና ኢና እሞ፡ ሓንቲ እንጌራ ኻብ እትኸውንሲ፡ ንሕና ብዙሓት ክነስና ሓደ
ስጋ ኢና።

# ማቴዎስ 26

17 በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ በዓል ቕጫ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ናብ የሱስ መጺኦም፡ ገንሸል ፋስጋ
ኽትበልዕስ ኣበይ ከነዳልወልካ ትደሊ፧ በልዎ።
18 ንሱ ድማ በለ፡ ናብ ከተማ ናብ እከለ ኪዱ እሞ፡ ጊዜይ ቀረበት፡ ምስ ደቀ መዛሙርተይ ከኣ ፋስጋ
ኣባኻ ኽፍስግ፡ ይብል ኣሎ መምህር፡ በልዎ።
19 እቶም ደቀ መዛሙርቲ ድማ የሱስ ከም ዝኣዘዞም ገበሩ፡ ገንሸል ፋስጋውን ኣዳለዉ።
20 ምስ መሰየ፡ ምስቶም ዓሰርተው ክልተ ደቀ መዛሙርቲ ኣብ መኣዲ ተቐመጡ።
21 ኪበልዑ ኸለዉ ኸኣ፡ ካባኻትኩም ሓደ ኸም ዜትሕዘኒ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ በሎም።

22 ንሳቶም ከኣ ብዙሕ ጐሃዩ፡ በብሓደውን፡ ጐይታይ፡ ኣነዶ ኰን እኸውን፧ ኪብልዎ ጀመሩ።
23 መሊሱ በሎም፡ እቲ ኢዱ ምሳይ ኣብ ጻሕሊ ዚጠልቕ፡ ንሱ እዩ ዜትሕዘኒ።
24 ወዲ ሰብሲ፡ ከምቲ እተጻሕፈሉ፡ ይኸይድ። ግናኸ ነቲ ወዲ ሰብ ብእኡ ዚተሓዝ ሰብኣይ ወይለኡ።
እቲ ሰብኣይ እትስ እንተ ዘይውለድ ምሔሾ ነይሩ።
25 እቲ ዘትሓዞ ይሁዳ ድማ መምህር፡ ኣነዶ ኰን እየ፧ ኢሉ መለሰ። ንሱ ኸኣ፡ ንስኻ በልካ፡ በሎ።
26 ኪበልዑ ኸለዉ፡ የሱስ እንጌራ ኣልዐለ፡ ባሪኹ ቈረሱ፡ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ሂብዎም፡ እዚ ስጋይ
እዩ፡ ውሰዱ፡ ብልዑ፡ በሎም።
27-28 ጽዋእ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ ከምዚ እናበለ ሀቦም፡ እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንሕድገት ሓጢኣት
ዚፈስስ ዘሎ ናይ ሓድሽ ኪዳን ደመይ እዩ እሞ፡ ካብዚ ኵልኹም ስተዩ።
29 ድሕሪ ሕጂ ኽሳዕ እታ መዓልቲ እቲኣ ኣብታ መንግስቲ ኣቦይ ምሳኻትኩም ሓድሽ ክሳዕ ዝሰትዮ፡
ካብዚ ፍረ ወይኒ እዚ ከቶ ኸም ዘይሰቲ፡ እብለኩም አሎኹ።
30 መዝሙር ምስጋና ምስ ዘመሩ፡ ናብ ደብረ ዘይቲ ደየቡ።